ኤርትራ መኻን ኣይኮነትን፣ ክንካኸለላ ኢና ህዝባ



ጭርሖ ትግራይ ትግርኚ መዓስ ይዓጅባ
ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ ብዓጀባ
ኤርትራ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኣኽራን ዝኸበባ
ኤርትራ ንኤርትራዊያን ደቂ ርስቲ ኣለና እንዳባ
ኩሉ ምህዞ ናይ ነጋዳይ ትግራዋይ ዳዊት ዘረባ‘‘

በልማማ ንህዝቢ ትግራይ ዘኮነስ፣ ንገለ ሳዲስቲ ተጋሩ
ህዝቢ ኤርትራ ጸጊምዎ፣ ርእዮም ብትምክሕቲ ዝሰኸሩ
ብወገን ኤርትራ ብህግደፍ፣ብወገን ትግራይ ብወያነ ዝዝወሩ
ኣስመራ መንደፈራ በጺሖ እንዳ በሉ፣ ዓይንና ከዕውሩ‘‘



ኢሱ ካብ ኮነ ትግራዋይ
ክንብል ዶ ልቢ ትግራይ
ልቦም ዘይርከብ ጥዊይዋይ፣

ኣይተ ዳዊት ክንደይ ከ ትሕሱ
ክንዲ ትብል ዓዲ ጀጋኑ ኣፍሪሱ
ክትብለና ኣርዮስ ሰላም ኣንጊሱ



ዝኣኽለን ጥሒነን በዓለ ማርያም ይብላ
ኤርትራ ትዓኑ ኣላ‘ ትግራይ ግን ማዕቢላ
ብውዲት ንኤርትራዊያን ኮንኩምና ሐበላ
ሕጂ ውን ኤርትራ ኣብ ባርነት ኢያ ዘላ‘

ንወዲ ሐዎቦኻ ክተውጸኦ ሐራ
ትብል ኤርትራ ኣብ ውግእ እያ ነራ
ትብለና ኣብ ርእሲ ከተማ ኤርትራ
ብእግሩ ክኸይድ ሪኤዮ ኣብ ኣስመራ
ሐቅኻ ኤርትራ ንደቀባታ ኮይና ናኹራ‘

ትግራዋይ ዳዊት ኢድካ ኣክብ
ብገንዘብካ ቀዳድ ዓደቦኻ ለግብ
ኤርትራዊ ካብ ራሃጹዩ ዝጸግብ‘

ዳዊት ንወዲ ሐትነኻ  ሐወቦኻ
ንዕባይ ኤርትራ ክትሸፍነሉ ኢልካ
ዳዊት ንሐቂ ምድፋን ይትረፍካ‘

ጎረቤትና ንጹሃት እንተ ዝኾኑ
ብህዝቢ ኤርትራ ምተኣመኑ
ሹዑ ክልተ ህዝብታት ምቀሰኑ‘‘

እንተ ንሳቶም ግን
ብታሒቲ ታሒቲ በትን
ብከመይ ህዝብታት ክቀስን፡፡

ናይ ኢትዮጵያ መራሕቲ
ምስ ትግራዎት ሰብ ሃብቲ
ምስ ኣርዮስ ብስልቲ
ንዳግማይ መግዛእቲ፡፡

ኣታ ክንደይ ከ ትሕሱ
ጭርሖ ዶክተር ኣቢዩ
ንዓሰብ ነኺሱ፡
እንየ  እና ኢሱ፡ ኢሱ
ዕላምኡ ስለ ዝኾነ ንሱ
ኣስናኑ ጫሕ ኣቢሉ፡
ባዓል ዕላማ ተሐጕሱ
ሐዲሽ ስልቲ ፈሒሱ
ሕጊ እንዳባ ጥሒሱ
መራሒ ጃንዳ ጨሪሱ፡
ሐሶት ነጋዳይ ቢኢሱ
ንዳዊት ወያነን ሐዊሱ
ኢሱ ከጥፈኣና ገስጊሱ፡

*ስለዚ ብትብዓት*

*ብክልተ ጎራሐት*

*ከይንጸንት ደቀባት*

*ብእዋኑ ንባላሐት‘‘*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ‘ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና‘ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን‘ካብ ዉሽጢ ሑሩር‘ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*